




# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## ቀጻሊ ትምህርቲን ናይ ቋንቋ ስልጠናን

### ምቕጻል ትምህርቲ

ምቕጻል ትምህርቲ - ናይ በጽሒታት ትምህርቲ እናተባህለ እውን ይጽዋዕ እዩ፡ እኹላት ሰባት ነቲ ወግዓዊ ናይ ዩኒቨርስቲ ወይ ናይ ኮለጅ ትምህርቶም ድሕሪ ምዝዛም ንዝውስዱዎ ኩሉ ዓይነት ኮርሳት የጠቓልል። እዞም ኮርሳት እዚኣቶም፡ ዉልቃዊ ዝምባለታት (ከም ሆቢ ዝኣመሰሉ) ንኸተማዕብል ወይ ድማ ምስ ስራሕ ዝዛመዱ ሽቶታት (ከም ክእለታት ናይ ኮምፕዩተር ዝበሉ) ንኽትወቕዕ ይሕግዙኻ። ምቕጻል ትምህርቲ፡ ብቦርድታት ቤት-ትምህርቲ፡ ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን ዝወሃብ ኰይኑ፡ ኩሉ ግዜ ኣብ እዋን ምሸት ወይ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት እዩ ዝካየድ።

- ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ ontario.ca
- ኣብ ኦንታርዮ ንዝርከባ ኮለጃትን ዩኒቨርስቲታትን ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/college ወይ https://findlink.at/uni
- ብዛዕባ ምምሕያሽ ናይ ምንባብ፡ ምጽሓፍን ቁጽሪን ክእለትካ ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/adultlearn
- እንተድኣ ልዕሊ 18 ዓመት ኰይንካን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዲፕሎማ ክትሕዝ ድሌት ኣለካ ኰይኑን፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ ከባቢኻ ናጻ መደብ ትምህርቲ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ findlink.at/OSSD

Independent Learning Centre (ማእከል ብዉልቂ ምምሃር)፡ ሓያለ ናይ ካልኣይ ደረጃ ኮርሳት ብኦንላይን ይህብ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ ilc.org

### ስልጠና ናይ ቋንቋ

ናይ ቤት-ትምህርቲ ቦርድታት፡ ኮለጃትን ወኪላት/ትካላት ማሕበረሰብን ብመንግስቲ ዝምወል ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝን ፈረንሳን ይህባ። ዩኒቨርስቲታትን ብሕታውያን ናይ ቋንቋ ኣብያተ-ትምህርቲን እውን ናይ ቋንቋ ኮርሳት ይህባ እየን። እንተኾነ፡ ነቲ ዝህባኻ ኮርሳት ክፍሊት ክትከፍለሉ የድልየካ።

ኣብ ኦንታርዮ፡ ብዙሕን ዝተፈላለየን ዓይነት ስልጠናታት ናይ ቋንቋ እዩ ዘሎ። እዚ ዝስዕብ ድማ ዝርዝር ኣስማት ናይ`ቶም ዝተፈላለዩ ደረጃታት ናይ ቋንቋ ኮርሳት እዩ፡-

- English Literacy Development (ELD (ምዕባለ ኣስተምህሮ ቋንቋ እንግሊዝ))
- English and French as a Second Language (ESL and FSL (እንግሊዝን ፈረንሳን ከም ካልኣይ ቋንቋ))
- Language instruction for Newcomers to Canada (LINC ናብ ካናዳ ንዝመጹ ሓደስቲ ናይ ቋንቋ ኣስተምህሮ))።
- Occupation-specific Language Training (OSLT (ምስ ሞያ ዝተሓሓዝ ናይ ቋንቋ ስልጠና))
- Enhanced Language Training (ELT (ብሉጽ ስልጠና ቋንቋ)
- Cours de langue pour les immigrants au Canada (CLIC)
- Specialized Language Training (SLT (ፍሉይ ስልጠና ቋንቋ))

ነቲ ዘሎ ዝተፈላለየ ዓይነታት ትምህርቲ ቋንቋ ዝምልከት መብርሂ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/ESLprogram

ኣብ ከባቢኻ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ንምርካብ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ኢሚግረሽን ኦንታርዮ ተወከስ findlink.at/onlinetool

ብዛዕባ LINC Home Study (ኣብ ገዛኻ ኰይንካ እትከታተሎ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ) ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/homestudy

ብዛዕባ`ቲ ኣብ ኮለጃት ኦንታርዮ ዝወሃብ ኣብ ሞያ ዝተሓጽረ ናይ ቋንቋ ስልጠና ዝምልከት ሓበሬታ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ co-oslt.org



Funded by / Financé par

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

### ግምገማ ቋንቋ


ሓደ ሓደ ናይ ቋንቋ ኮርሳት፡ ቅድሚ ክትሳፎም ምምዝጋብካ ናይ ቋንቋ ክእለታትካ ከተገምግሞ የድልየካ እዩ። ናብቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ማእከል ግምገማ መታን ከምርሓካ፡ ነቲ ናይ ምጥያስ ኣማኻሪካ ሕተቶ።

ኣብ ጥቓኻ ወኪል ምጥያስ ንምርካብ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ settlement.org

ብዛዕባ ግምገማ ቋንቋ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ findlink.at/clb-assess

**ትፈልጥ ነይርካ ዶ?**

**ብዙሓት ኣስራሕቲ፡ ሰራሕተኛታት ትምህርቲ ንምቕጻል ዝሕተቱዎ ክፍሊት ኣብ ምኽፋል ዝሕግዞም መደባት ሞያዊ ምምዕባል ኣለዎም። ብዛዕባ`ቲ ዘሎ ኣማራጺታት ንምፍላጥ ንማናጀርካ ወይ ንዲፓርትመንት ሰብኣዊ ዓቕሚ ተወከስ።**





orientation to ontario
l'ontario c'est chez moi